# 1.ሓበረታ ንሓደስቲ ዝመጹ ሰባት

ሓደስቲ ናብ ስዊዝ ዝመጻኹም ሰባት ብመጀመርይ ናይ ግድን ኣብቲ ትቕመጥዎ ገማይንደ ዘሎ ኣይንቮነርኮንትሮለ Einwohnerkontrolle ብምካድ ትምዝገቡ። ንምምዝጋብ ካኣ እዘን ዝስዕባ ረቓሒታት ከተማልኡ ኣለኹም፡

1. መመዝገቢ ፎርሙላ
2. ፓስፖርት
3. ናይ ቅድም ትነብርሉ ዝነበርኹም ቦታ ኣድራሻ፡ መረጋገጺ ወረቀት

ኣብ ከተማ ባዝል ንሓደስቲ ዝመጹ ሰባት ናይ እንቓዕ ዳሓን መጻእኹም ፌስታ ፡ ብቓንቓ ጀርመን፡እንግሊዝ ፡ፈረንሳ፡ስፔን፡ ጣልያንን ፖርቱጊዚሽ ይካየድ።

ኣብ ባዝል ላንድ ግን ንሓደስቲ ብናይ ትካል ሰደተኛታት ጠለብ ንናብ ናይ መጀመርያ ሓቤሬታ ዝርርብ Erstinformationsgespräch ይዕደሙ። ብዛዕባ እዚ ድማ ኣብቲ እትቕመጥሉ ገማይንደ ከይድኩም ካኣ ሕተቱ።

ሰደተኛታት ምስ ተመዝገቡ ካኣ መንቀስቀሲ ሰድተኛታት ወረቀት ይዋሃቦም፡

ዝተፈላለየ መንቀስቀሲ ሰድተኛታት ወረቀት ካኣ ኣሎ፡

| | |
|---|---|
| መንቀስቀሲ L | ስራሕ ዘለዎምን ዘይብሎውን ንሓጽር ግዜ ንዝጸንሑ |
| መንቀስቀሲ B | ስራሕ ዘለዎምን ዘይብሎውን ንሓደ ዓመት ንዝጸንሑ |
| መንቀስቀሲ C | ንዝተቀበልዎም ኣብ ስዊዝ ክነብሩ ዝክእሉ |
| መንቀስቀሲ G | ካብ ዶብ ንዝመጹ ሰራሕተኛታት |
| መንቀስቀሲ F | ንዝጥረዙ ዑቑበኛታት ግን እቲ መስርሕ ክፍጸም ዘይተካእለ |
| መንቀሳቀሲ N | ንዑቑበኛታ ጌና ጉዳዮም ኣብ መስርሕ ዘሎ |

እዚ መንቀሳቀሲ ወረቀት ብመንግስቲ ይስራሕ፡ብብግዚኡ ካኣ ይናዋሕ። እንተኮነ ግን ሰደተኛታት ባዕሎም ሓላፍነት ወሲዶም መንቀሳቀሲ ወረቀቶም ከናውሕዎ ይግባእ። ጥርናፈ ስድራ ቤት ናብ ስዊዝ ክተመልክቱ ምስ እቲ ደልዩ ካኣ ሓደ ሓደ ረቓሒታት ኣሎ ከተማልእዎ ዝግባኣኩም፡ ብዝያዳ ሓቤሬታ ድማ ኣብ ኢንተርነት ናይ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት ዝተዳለወን ብዝተፈላለየ ቓንቓ ዝተጻሓፈ ሓቤረታ ትረክቡ።

www.sem.admin.ch und www.migraweb.ch